# መብጽዓታት ሓድነት ኣብ ዋዕላ ስቶክሆልም

<u>**ሓባራዊ ዜናዊ ሽማግለ**</u>
**ዕለት 31 ጥቅምቲ 2009**

ብዕለት 31 ጥቅምቲ 2009 ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ናይ’ተን ንወርሒ ታሕሳስ 2009 ንፍጻመ ሓድነት ዘምርሓ ዘለዋ ኣባላት ሰለስተ ውድባት ዝርከብዎ ኣኼባ ተኻይዱ። ቀንዲ ዕላማ ናይ’ዚ ኣኼባ፡ እቶም ንሓድነታዊ ሰሚናር ካብ መሰረታት ውድባት ተላኢኾም ኣብ ኣኼባ ዝተሳተፉ ሓበሬታን ጸብጻብን ንምሃብ ነይሩ።

ኣኼባ ኣብ ክልተ መደብ ዝተኸፈለ ኮይኑ ካብ ሰዓት $16^{00}$ ክሳብ $18^{00}$ ንኣባላት ክሽውን እንከሎ፡ ካብ ሰዓት 1800 ክሳብ 2100 ክፉት ኣኼባ ብምዕዳም ንኩሉ ደላይ ሰላም ፍትሕን ኤርትራዊ ዜጋ ዝተዳለወ ኣኼባ ኮይኑ ቀጺሉ። እቲ መደብ ከኣ ብዓወት ተዛዚሙ። ኣብ’ዚ ምሸት ብኣደለውቲ ኣኼባ ፍሉይ ናይ ድራር ምሸት ብምቅራብ ንዕዱማት ፍሉይ እንግዶት ተገቢርሎም ኣምስዩ።

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ኣኼባ ብመሰረት እቶም ንሰሚናር ዝተኣላእኩ ወከልቲ ሓበሬታን ጸብጻባቶም ድሕሪ ምቕራብ፡ ኣኼበኛ፡ ነዚ ሓድነታዊ መስርሕ ብሙሉእ ንምዕዋት እንታይ ክግበር ከም ዘለዎን ተዛትዩ።

1 ንህ.ግ.ዲ.ፍ ካብ ስሩ ንምእላይ ተደላይነት ራእይ ናይ ኩሉ ተቓዋሚ ሓይሊ ፡
2 ንሓድነታዊ ኮንፈረንስ ንምዕዋት ካብ ስለስቲኡ ውድባት ዝተዋጽኤት ሽማግለ ምቛም፡

ወ.ዘ.ተ ብዕምቆት ተዛትይሉ።

ኣኼብኛ በታ እትቀውም ሓባራዊት ሽማግለ ኣቢሉ ድማ ንሓድነታዊ ኮንፈረንስ ወርሒ ታሕሳስ ዕውት ኮይኑ ንኽወጽእ፡ ኣባላት ሰለስተ ውድባት ዝከኣሎም ዘበለ ዓቕማታቶም ብምውህሃድ መብጽዓታቶም ንምትግባር ቃል ኣትዮም።

ብድሕሪ’ዚ ኣብ ክፉት ኣኼባ ብምቅጻል፡ ንፍትሕን ሰላምን ዝጣበቑ፡ ሓልዮት ህዝቦምን ሃገሮምን ዘገድሶም ደቂ ሃገር ዝተሳተፍዎ ኣኼባ ተኻይዱ። ኣብ’ዚ ክፉት ኣኼባ ከኣ ንስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ንምውዳቕ፡ ንደምበ ተቓውሞ ንምሕያልን ብኡ ኣቢልካ ድማ ሓያል ዲሞክራሲያዊ ትካል ብምህናጽ፡ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ክምስረት ከም ዝከኣል ዝእምት ርእይቶን ሓሳብን ቀሪቡ፡ ነዚ ዝካየድ ዘሎ ሓድነት ኣርባዕተ ውድባት ከኣ ደገፉን ኣድናቆቱን ገሊጹ።